ኤርትራዊ ስምረት
ንደሞክራሲያዊ ለውጢ

الوحدة الإرتريه للتغير
الديموقراطي

ERITREAN UNITY FOR DEMOCRATIC CHANGE

# ባሕቲ ማክረምምጅሚ ብረታዊ ቃልሲ

ምጅንቲ ልኡላውነት ሃገርናን ክብርን ማሰልን ህዝብናን ዝተበገሰ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ እነሆ 59 ዓመታት ኣቑጺሩ። ብሰንኪ ሕመቕናን ዘይብቕዓትናን ካብ ዝግበኦ ንላዕሊ ግዜ ዝወሰደን ኣሻሓት ማስዋእቲ ዘኽፈለናን እኳ እንተኾነ ሃገራዊ ነጻነትና ግን ድሕሪ 30 ሚሪርቲ ዓመታት ተረጋጊጹ እዩ። ሓደ ምዕራፍ ኣኽቲሙና ብቲ ካላኣይ ምዕራፍ ጉዕዞ ደሞክራስን ምዕብልናን ሀ ! ኢልና ካብ ንጅምር ድማእነሆ ሜዕረቲ ብረታዊ ቃልሲ ዝወሰደልና ግዜ ክሜዳራረ ሓደ ዓሙት ጥራሕ ተሪፍዎ ኣሎ።

ሕማቕ ኣጋጣሚኮይኑ ኣብ ኣእሞሮ ኩሉ ኤርትራዊ ዝነበረ ትጽቢትን ኣብ ግብሪ ዝተራእየ ክውንነትን ግን ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ ኣለዎ። ንምንጽጻሩ ዝኣክል ከኣ ገለ ምባል ዝከኣል ይማስለና።

- ድሕሪ ነጻነት ባህርያዊ ሞት እምበር፡ ከምዚ ናይ ሕጂ ኣብ ባሕርን ጣሕርን ማስዋእቲ ክበዝሕ ኣይተጸበናን።
- ድሕሪ ነጻነት ዝተሰደደ ክምለስ እምበር፡ ነቶምኣቐዲሞምዝተሰደዱ ከነርክቦም ኣይተመነናን።
- ድሕሪ ነጻነት ዝወለድናዮምሓቐፍና ከነዕብዮምዘዕበናዮምከኣ ክናብዩና እምበር፡ መንግስቲ ካብ ሕቑፎና መንጢሉ ንሳዋ ወሲዱ ከዕርበምኣይተጸበናን፡
- ጭዋ ባህሊ ህዝብና ማሰረት ዝገበረ ቀጻሊ ሓባራዊ ምዕባለ ከነረጋግጽ እምበር፡ ማሕበራዊ ፈትልና ተበታቲኹኣብ ሕድሕድና ክንበላላዕን ክንካሰስን ኣይተጸበናን።
- ብትምህርቲ ማዕቢልና ሃገርና ክንሃንጽ እምበር፡ እታእንኮ ዩኒቨርሲቲና ተዓጽያ ክትዓኑ፡ ጎደናታት ከተሜታትና’ውን ክባድምኣይተጸበናን
- ብሉጽ ኤርትራዊ ሓንጎል ተዋዳዲሩ ስልጣን ክሕዝ እሞእንተሜጀሚኡና ክቕጽል እንተዘይዓጂቡና ከኣ ብድሌና ከንቅይሮ ሜራሒከነምጽእ እምበር፡ ኣብ ልዕሌና ተወጢሑ ከምናይ ማሽጣእቕሓ ከምድላዩ ዝገብረና ሜራሒከነምጽእ ኢልና ኣይተቓለስናን።

እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ግን እዚ ኩሉ እናረኣና ካብ ምሕዛን ንላዕሊ ነቲ ስርዓት ንምእላይ ዝገበርናዮ ዓቢ ነገር ስለ ዘየለ ጥራሕ እዩ። ንሱ ጥራሕ ግን ኣይኮነን፡ ነዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ማእለያ ዘይብሉ ኣበሳ ዘውረደ ስርዓት ገና “ንሕና ንሱ - ንሱ ንሕና” ዝብሉ ዝኑባት ምህላዎም እዩ። ግን ከኣ እዚ ብጣዕሚ ዘሕዝን እኳ እንተኾነ ካብ ጎይቶትኩምነጸ ኮይንኩም ኣለኹምተባሂሎምነጸ ዝተለቐቁ ጊሎት (ባራዩ) ካልእ ዓለምስለ ዘይፈልጡብድሌቶምናብ ጎይቶቶምዝምለሱእውን ከምዝነበሩ ብታሪኽ ስለ ንፈልጥ ብዙሕ ዝገርመና ኣይኮነን። የግዳስ

ነዘምሰብ “ንሕና-ንሱ” ኤርትራ ካልእ ዝሓሸ ሰብ ከምዝለዋ ከነርእዮ ምእንተኸኢልና ዝሓለፈ ጉዕዞኦ ምከጣዕሶም ከምዝኽእል ምሕሳብ ጥራሕ እዩ ዝሓይሽ።

ስደትናን ማከራናን ክንድዚ ክሓስምን ክነውሕን ዝገበሮ ቀንዲ ምኽንያት ንሕና ስለ ዝሓመቕና ኢና ኢልና እንተተበጊስና ሽግርና ኣብ ምፍታሕ ኣዎንታዊ ተራ ክህልዎ እዩ። ከሜይ’ሲ ካብ ሰሜይ ዝወረደ እዩ ወይ ናይ ዕድል ነገር እዩ ኢልና እንተሓሲብና ዝሓሸ ዕድል ክሳብ ዝወርደልና ኢድናን እግርናን ኣጣሚርና ምጽባይ ጥራሕ’ዩ ዝኸውን ምርጫ። እዚ ኣቲናዮ ዘለና ኩነታት ብሕመቕና ዝመጸ እዩ፡ ብመንፍዓትና ክኣ ክቕየር ይኽእል እዩ ኢልና መንጣና ሽጥ ኣቢልና ካብ ምብጋስ ወጻኢ ካልእ ዝሓይሽ መሚረጺ የለን። ንሕና ሃገራዊ በዓላትና ኣብ ስደት ከነሕልፎ ዝተፈረድና ኣይኮንናን። ስደትና ሓጺሩ ፍትሓውን ደሞክራሲያውን መንግስቲ ክንሃንጽ ተጀሚሩ ዘሎ ናይ ሓድነት ጉዕዞ ተጠናኺሩ ክቕጽል ኣለዎ-ንዕኡ ዝግባእ ኩሉ ጻዕርታት ክንከፍል እውን ድልዋት ኢና።

ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና

ሓደ ማስከረምዘለኣለምከቢራ ትንበር

ፈጻሚቤት ጽሕፈት ኤስደለ

ባሕቲ ማስከረም2020